ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية -حيدرى

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI**

# *<u>መሰጋገሪ መሪሕነት ግሃድኤ-ሕድሪ 7ይ ሰሩዕ ኣኼባ ኣሳሊጡ ።</u>*

*መሰጋገሪ መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ፡ 7ይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ-ኣካል ብ16/ነሓሰ/2017 ኣቃኒዑ።*

*መሰጋገሪ መሪሕነት ፈጻፊ-ኣካል ግሃድኤ-ሕደሪ ብኣጀንድኡ መሰረት፡ ስርዒታዊ ጸብጻብ ቤት-ጽሕፈታት ድሕር ምቕባሉ፡ ኣብ ዓለም-ለኻዊ፡ ከባብያዊ፡ ሃገራዊ ኩነታት ጽላት ብጽላት ብምፍታሽ፡ ኣብ ሃገርናን ዲሞክራስያዊ ቃልስናን ዘሕድሮ ጽልዋ ብዕምቆት ዘትዩ። መሪሕነት ፈጻሚ-ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ፡ ውድብና ምስ ገስገስቲ ሃገራውያን ሓይለታት ዓቕምታትና ኣስሚርና፡ ኣንጻር ደመኛ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ንዝኾነ ስርዓት ህግደፍ፡ ብዘይሎሚ'ዶ-ጽባሕ ቆሪጽና ንረባረበሉን ዘየዳሉ መድረኽ በጺሕና ምህላውና ብምእማን፡ ሕመቕና ብምፍዋስ ኣንጻር ገባቲ ስነ-ሓሳብ ህግደፍ፣ ብተዓዋቲ ሓይሊ ጥራሕ ክንወጽእ ከም ዝግባእ ብምርኣይን ብምስማርን 7ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ብትስፉው ናይ ቃልሲ መንፈስ ዛዚሙ።*

*እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ ብ18/ ነሓሰ / 2017 ኣብ ህሉው ኩነታት ህዝብን ሃገርን ማእከል ዝገበረ፡ ህጹጽ ኣኼባ መሰጋገሪ ማእከላይ ባይቶ መሰጋገሪ መሪሕነት ብፈጻሚ ኣካሉ ብምጽዋዕ፣ ሰፊሕን ንመጻኢ ኣብ መድረኽ ቃልሲ ክሕግዝዎ ዝኽእሉ መጽናዕታዊ ዘተ ኣሰላሲሉ። እቲ ርክብ መሪሕነታት ማዕረ ኣፍልጦ ምእንቲ ክህልዎ ዝተጠልበ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ህዝብን ሃገርን ናብ ሓደጋ ተሳጢሖምሉ ዝርከቡ ቀራና መደረኽ፡ ብሓላፍነትን ተዓጻጻፍነትን እዋናዊ ፍታሕ ንምርካብ ብግብሪ ዝስነ ስነ-ሓሳብ ንምዕዃኽ'ዩ*

*ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ*
*ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር*
*19 / ነሓሰ / 2017*
*ቤት ጽሕፈት መሰጋገሪ መሪሕነት ዜናን ባህልን ግሃድኤ-ሕድሪ*